ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይን እግሪ ምትካልን ክልል ትግራይ ኣብ ናይ 2016 ዓ/ም በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ ፅሕፈት መሳረሒን ፈርኒቸርን ኣቕሓን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግዝኢት ክፍፅም ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 7, 2016 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሰነ 21, 2016 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20,000
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሰነ 21, 2016 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ቢሮ አቁሑት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ናይጨ.ቁ-G-04/2016

ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይን እግሪ ምትካልን ክልል ትግራይ ኣብ ናይ 2016 ዓ/ም በጀት ዓመት ዝተፈላለዩ ናይ ፅሕፈት መሳረሒን ፈርኒቸርን ኣቕሓን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግዝኢት ክፍፅም ይደሊ። ስለዚይ እዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትረቱ ብግልፂ ጨረታ ይዕድም።

1. ኣብ ናይ ፅሕፈት መሳርሒን ፈርኒቸርን ዝሳተፉ ትካላት ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ን/ፍቓድ፣መቅረባይነት፣ ፣ናይ ነጋዳይ መፍለዪ ቁፅሪ/TI/ን ዘለዎም እንትኾኑ ንተወሳኺ እሰት ታክሲ/VAT/ ዝተመዝገበን ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ናይ ዝሓለፈ 3 ወርሒ ወይ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ዘሎ ሓደ ወርሒ ቫት ዲክለሬሽን ከቕርብ ይግባእ።

2. ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ጨረታ መኽበሪ ብር 20,000 /ዒስራ ሽሕ ብር/ ብተመሳሳሊ ናይ ፈርኒቸር ኣቕሓ መኽበሪ ጨረታ ድማ _ ብር 10,000/ዓሰርተ ሽሕ /ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና፣ብዘይ ሰዓር ሌተር

ኦፍ ክረዲት ዝቐርብ ውሕስናን ጥረ ገንዘብ ወይ ዝተረጋገፀ ቼክ/CPO/ ወይ ናይ ክፍሊት ትእዛዝን።

3. ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታ ሰነድ ንፅሕፈት መሳሪሒ ዘይምለስ ብር 100/ሓደ ሚኢት ብር/ብምኽፋል ካብቲ ቢሮ ትወስዱትኽእሉ።

4. ጨረታ ወፂኡ ካብ ዝቃለሐሉ /ዝልጠፈሉ/ ዕለት ጀሚሩ ተጫረቲ ዋጋ ዘቅርብሉ በቲ ዝወፀ ዝርዝር ረቕሓ/ስፐሲፊክሽን/መሰረት ካብ ዕለት 06/10/2016 ዓ/ም ክሳብ 21/10/2016 ዓ/ም ኾይኑ ሰነድ ምስተገዝአ ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ኦርጅናልን ኮፒ ብክልተ ፖስታ ዘቕርብ ኾይኑ ዝግባእ ኾይኑ እቲ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐለ 40 መዓልቲ ይኸዉን።

5. ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 21/10/2016 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ቅድሚ ሰዓት ኮይኑ ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት ድማ ብተመሳሳሊ ዕለት 21/10/2016 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ይኸፈት።

6. ኣድራሻና ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ፊት ንፊት ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዝርከብ ኣብ ኮምፕሌክስ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ናይ ሓባር ህንፃ ፣ ህንፃ 1/Block 1/ ኣብ 1ይ ደብሪ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን እዩ።

7. እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብኸፋል ይኹን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡

8. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0342400158 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል'ዩ። ቅዳሕ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle